Folkhälsomyndigheten
PUBLIC HEALTH AGENCY OF SWEDEN

ንኽትፈልጦም ኣገደስቲ ነገራት

# HPV

**’’ሁማንት ፓፒሎም-ቪሩስ’’ (HPV) ኣዝዩ ተላጋቢ ሕማም፡ ኣብ ጉዕዞ ህይወት ውን ካንሰር ከስዕብ ዚኽእል ቪሩስ’ዩ። ኵሎም ኣብ 5ይ ክፍሊ ዚመሃሩ ቆልዑ፥ በታ ናይ ቤትትምህርቲ ነርስ፥ እዚ ክትባት’ዚ ብነጻ ኪወሃቦም’ዩ።**

### ’’ሁማንት ፓፒሎም-ቪሩስ’’ (HPV) ዘስዕበልካ ሕማማት

እዚ “HPV” ዚብል ኣህጽሮተ-ቃል፥ ናይቲ ’’humant papillomvirus’’ ዚብል ስም ኰይኑ፥ ብጾታዊ ርክባት ዝተሓላለፍ ቪሩስ’ዩ። ብዙሓት ዓይነታት ናይ ’’ሁማንት ፓፒሎም-ቪሩስ’’ እዮም ዘሎዉ። ገለ ካብኣቶም ዓይነታት፡ ኣብ ጉዕዞ ህይወት፡ ሕማም ካንሰር ዘስዕቡልካ እዮም።

መብዛሕትኡ ሰብ፡ ኣብ ገለ ጊዜ ናይ ህይወቱ ጉዕዞ፥ እዚ ’’ሁማንት ፓፒሎም-ቪሩስ’’ ይለግቦ’ዩ። ግንከ ስለ ዘይስምዓካን ስለ ዘትርእዮን፡ ከም ዝለገቦም ውን ኣይፈልጡን እዮም። ብዙሕ ጊዜ እቲ ረኽሲ ባዕሉ’ዩ ዚሓድገካ፥ ገለ እዋን ግን፡ ንነዊሕ ጊዜ ይጸንሕ’ዩ። ኣብ ጉዕዞ ህይወት ድማ ሽዑ፥ ነቲ ካንሰር ኣብ ጎሮኻ፡ ኣፍ-ማህጸን፡ ብልዕቲ ወዲ-ተባዕታይን ጓል-ኣንስተቲን ወይ ውን ኣብ መሃንቱስ ንኺሕዘካ ዘሎ ሓደጋ ክብ የብሎ።

ን፥ ኣስታት 800 ኣንስቲን 300 ሰብኡትን፥ ብ’’ሁማንት ፓፒሎም-ቪሩስ’’ ዝሰዓበ ካንሰር ይሕዞም’ዩ።

### እቲ ክትባት መከላኸሊ’ዩ

ክትባት ምውሳድ፡ ንመብዛሕትኦም ነቶም ብ’’ሁማንት ፓፒሎም- ዓይነታት ቪሩስ’’ ካንሰር ዘስዕቡ ረኽሲታት ዚከላኸል’ዩ። እቲ ቪሩስ ንኸይለገበካ ንምክልኻል፥ ጾታዊ ርክብ ከይጀመርካ ከሎኻ፥ ኣብ ትሑት-ዕድመ ነቲ ክትባት ክትወስዶ ጽቡቕ’ዩ። እንተ ደኣ ድሮ ብሓደ ወይ ብዙሓት ዓይነታት ’’ሁማንት ፓፒሎም-ቪሩስ’’ ለጊቡኦምኻ ኣልዮም፥ እቲ ትወስዶ ክትባት ነቶም ዓይነታት ’’ሁማንት ፓፒሎም-ቪሩስ’’ እቲኦም ክከላኸለልካ ኣይክእልን እዩ።

### እዚ ክትባት’ዚ ብዙሕ ዝተጠቕመሉን ዝተፈተነን’ዩ

እዚ ጸረ ’’ሁማንት ፓፒሎም-ቪሩስ’’ (HPV) ክትባት’ዚ፥ ብሚልዮናት ዚኣክል ኣብ ምሉእ ዓለም ዝተጠቕመሉ’ዩ። እቲ ኣብ ሽወደንን ኣብ ካልኦት ሃገራትን ዝተገብረ መጽናዕቲ ከም ዘርእዮ፥ ጽቡቕ ምክልኻል ከም ዚህብን ውሕስነታዊ ምዃኑን’ዩ።

ኣብ ሃገር ሽወደን፡ ኵሉ’ቲ ዝተወስደ ናይ ’’ሁማንት ፓፒሎም-ቪሩስ’’ (HPV) ክትባታት፥ ኣብቲ ሃገራዊ መዝገብ ክትባት ይምዝገብ’ዩ። ምኽንያቱ ድማ፡ እቲ ክትባት ውሕስነታዊ ምዃኑ ብግቡእ ንምክትታልን፥ ብቐጻሊ ውን እቲ እትጽበዮ ውጽኢት ከም ዘሎዎን ንምፍላጥ ተባሂሉ እዩ።

### እቲ ክትባት ብኸምዚ ዚስዕብ ኣገባብ ይግበር

እታ ኣብ ቤትትምህርቲ ዘላ ነርስ፥ ብመርፍእ ጌራ ኣብቲ ላዕለዋይ ክፋል ናይቲ ምናትካ ትወግኣካ። እቲ ክትባት ኣብ ክልተ ጊዜታት ዚወሃብ’ዩ። ኣብ መንጎ እዞም ክትባታት ድማ’’ እንተ ወሓደ ናይ ፍርቂ ዓመት ፍልልይ ኪህሉ የድሊ።

**ቅድሚ ክትባት ምውሳድ**

ቅድሚ’ቲ ክትባት፡ ሕቶ ወይ ዘተተሓሳስበካ ነገር ምስ ዚህሉ፥ ምስታ ኣብ ቤትትምህርቲ ናይ ጓልካ ዘላ “ነርስ ቤትትምህርቲ” ተዘራረብ።

**ብድሕሪ ክትባት ምውሳድ**

ብምኽንያት እቲ መውጋእቲ፡ ቁሩብ ከቖንዙ፡ ኪቖይሕ፡ ኪሓብጥ ወይ ውን ኣብቲ ምናትካ ከሳሕየካ ዳርጋ ልሙድ’ዩ። ንገለ ኣዋልድ ናይ ሓጺር ጊዜ ረስኒ፡ ቃንዛ ርእሲ፡ ሓፈሻዊ ናይ ሕማም ቀጨውጨው ክስምዐን ይኽእል’ዩ። መጥቃዕቲ ናይ “ኣለርጂ” ከጋጥም ኣዝዩ ዘይልሙድ’ዩ።

ውላድካ ብድሕሪ’ቲ ክትባት ምውሳዳ ከመይ ይስምዓ ከም ዘሎ ምስ ትሻቐል፥ ምስታ ’’ነርስ ቤትትምህርቲ’’ ወይ ምስ ’’ክንክን ሕማም’’ ርክብ ግበር።

SKYDD FÖR LIVET

**ዝበልጸ ንምፍላጥዶ ትደሊ/ዪ?**

**ቅድሚ ክታበት ምውሳድኩም ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፥ ምስታ ናይ ውላድካ ናይ ቤትትምህርቲ ነርስ ርክብ ግበር።**

FOLKHÄLSOMYNDIGHETEN, 2024. ARTIKEL 23177-6. FORM, SÖDRA TORNET.

## መደብ-ክትባታት ኣብ ሃገር ሽወደን

**እዚ ክትባት’ዚ፡ ኣካል ናይቲ ’’መደብ-ክትባታት’’ ኣብ ሃገር ሽወደን’ዩ።**

